# ናይ ኮቪድ-19 ሓቅታት ዝሓዘ ወረቀት
# ኣብ ኦሃዮ ጆንሰን ኤንድ ጆንሰን ክታበት ኮቪድ-19 ጠጠው ኢሉ ኣሎ።

ኣብ 13 ኤፕሪል ኣመሓዳሪ ማይክ ደዊን፣ ዳይረክተር ጥዕና ኦሃዮ ስተፋኒ ማክክላውድ፣ ከምኡ'ውን ናይ ኦሃዮ ቺፍ መዲካል ኦፈሰር ብሩስ ቫንደርሆፍ ኤም.ዲ ንኹሎም ወሃብቲ ኣገልግሎት ክታብት ኮቪድ-19 ዝኾነ ጆንሰን ጆንሰን (ጃንሰን) ንግዜኡ ደው ከብልዎ ሓቲቶም።

እዚ ንዩ.ኤስ ዝተዋህበ ግብረ መልሲ እዩ። ናይ ምግቢን መድሓኒትን ምምሕዳር (FDA)ን ናይ ሕማም ቁጽጽርን ምክልኻልን (CDC) ነቲ ኣብ ዩኤስ.ኤ ነቲ ክታበት ምስ ወሰዱ ኣብ ውሑዳት ማለት ኣብ ሽድሽተ ሰባት ዝተራእየ ናይ ደም መዕበስቲ ኣስዒቦም ንዝያዳ ምርመራ ክገብሩ ብምባል ንጆንሰን ኣንድ ጆንሰን ደው ክብል ለበዋ ኣሕሊፎም።

**ውሑድ መዕበስቲ ደም ተነጊሩ**

ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ዩ.ኤስ.ኤ ኣስታት 6.8 ሚልዮን ጆንሰን ኣንድ ጆንሰን ክታበት ኮቪድ-19 ተዋሂቡ ኣሎ። ብመሰረት FDAን CDCን ሽድሽተ ሰረብራል ቨኖስ ሳይነስ ትሮምቦሲስ (CVST) ዝተባህለ ናይ ምርጋእ ደም ምስ ትሑት ደረፋ ናይ ደም ፕላትለትስ ( ትሮምቦሳይቶፐንያ) ዝተባህሉ ተራእዮም። እዚ ናይ ምትሕውዋስ ኩነታት ሳሕቲ እዩ። እዞም ኩሎም ሽድሽተ ተርእዮታት ከኣ ኣብ ክሊ ዕድመ 18-48 ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ ጥራሕ እዩ ተራእዩ። እቲ ምልክታት ድሕሪ እቲ ክታበት ምስ ተቐበሉ ካብ ሽድሽተ ክሳብ 13 መዓልታት ዘሎ ክኸውን እንከሎ፣ እቲ ሓደ ግን ኣዝዩ ሓደገኛ ነይሩ።

ብመሰረት CDC ናይዚ ፍሉይ ዓይነት ምርጋእ ደም ክንክን ካብቲ ክንክን ናይ ካልእ ዓይነት ምርጋእ ደም ዝተፈልየ እዩ ክብል ኣዘኻኺሩ። መብዛሕትኡ ግዜ፣ ንምርጋእ ደም ክፍውስ ሄፓሪን ዝበሃል ጸረ ደም ምርጋእ መድሃኒት ይወሃብ። ኣብዚ ጉዳይ፣ ሄፓሪን ምሃብ ሓደገኛ ክኸውን ስለዝኽእል፣ ካልእ ኣማራጺ ክንክን ክወሃብ የድሊ።

ጆንሰን ኤንድ ጆንሰን ዝተመሓየሸ ዓይነት ናይ ቫይረስ ተጠቒሙ እቶም ዋህዮታት ቅዳሕ ናይቲ ፕሮቲን ተጠቂሞም ን SARS-CoV-2 (ነዚ COVID-19 ዘስዕብ ቫይረስ) ክቓለሶ ሓበሬታ የመሓላልፍ። ዘይንጡፍ ዘይጓዳእ ቫይረስ፣ ንኣብነት ሓደ ጉንፋዕ ዘስዕብ፣ ግራጭ ፕሮቲን ንምስራሕ ትእዛዘት ከብጽሕ ከም ተሸካሚ(ወይ መጓዓዓዚ ኣቅሓ) ይጠቅም። እቲ ኣካላት ነቲ ፕሮቲን ከም ወራሪ ይርእዮ እሞ ናይ ብያነ ዓቕሙ ሓፍ ብምባል ከኣ ይገጥሞ።

**ዝቕጽሉ ደረጃታት**

ናይ CDC ኣድቫይሰሪ ኮሚቲ ኦን ኢሙናይዘሽን ፕራክቲስስ (ACIP) ብሮቡዕ 14 ኤፕሪል ተራኺቦም ነዚ ጉዳያት ብዝምልከትን ተኽእሎታት ኣገዳስነቱን ዳግመ መርሚሮምን ገምጊሞምን። ኣታ ኮሚቴ ንCDC ዝኾነ ለበዋ ኣየመሓላለፉን ከምኡ'ውን ድሕሪ ናይ ፍጹም ዝኾነ ናይ ጉድኣተ ጥቅሚ ትንተና ናይ ኣስታት 7-10 ዝውድእ ዳግመ ስብሰባ ክገብሩ ወጢኖም ኣለዉ። ነቲ ጉዳይ እንዳ ኣጽንዐ FDA እውን ነቲ ትንተና ገምጋም ክህበሉ እዩ። ንሕጂ ግን ጆንሰን ኤንድ ጆንሰን ክታበት ተቛሪጹ ክጸንሕ እዩ።

**<u>እቶም ድሮ ጆንሰን ኤንድ ጆንሰን ወሲዶም ዘለዉ እንታይ ክስምዖም እዩ፧</u>**

ብመሰረት CDC እዞም ቅድሚ ወርሒ ዝተኸትቡ ነዚ ሓደጋታት ናይ ናይ ጆንሰን አንድ ጆንሰን ከማዕብሉሉ ዝኽእሉ ዕድላት ኣዝዩ ትሑት እዩ። ኣብ ውሽጢ እዘን **ሰለስተ ሰሙናት** ክታበት ጆንሰን ኤንድ ጆንሰን ወሲድካ እንተኾንካ እሞ እዚ ምልክታት ከም ብርቱዕ ቃንዛ ርእሲ፣ ሕማም ከብዲ፣ ወይ እውን ሕጽረት ትንፋስ ዝገብረልካ እንተኾይኑ ሕክምናዊ ሓገዝ ክትሓቱ CDC ይላቦ።

ድሕሪ እተን ውሑዳት መዓልትታት ክታበት ምውሳድ ኣብ ዘሎ ትሑት ቃንዛን ርእስን ምልክታት ሰዓልን እንተለዎም ብዙሕ ክግደሱሉ የብሎምን። እዚ ምልክታት እዚ ዘይዳድኡ ግን ከኣ ነቲ ግብረ መልሲ ናይቲ ክታበት ስዒቦም ዝመጹ እዮም።

**<u>ንክታበት ጆንሰን ኤንድ ጆንሰን ክወስዱ ቖጸራ ዝሓዙ እንተለዉ ኸኣ እንታይ ክገብሩ ኣለዎም?</u>**

ንቖጻሊ ክታበት ጆንሰን ኤንድ ጆንሰን ክወስዱ ቖጸራ ዝሓዙ ሕሙማት እንተለዉ ንቐጥታዊ ሓበሬታ ነቶም ወሃብቲ ኣገልግሎቶም ብምሕታት ቆጸራ ክሕዙ ይግባእ። እቶም ናበይቲ ናይ ሞደርና ወይ ከኣ ፋይዘር ክልተ ዶዝ ክታበታት ቀጥታዊ ዝኾነ መራኸቢ እንተዘይብሎም፣ ሕሙማት ቆጸርኦም ሰሪዞም ንካልእ መዓልቲ ክሕዙ ይሓይሽ።

ክታበታት ሞደርናን ፋይዘርን ካብ ናይ ጆንሰን አንድ ጆንሰን ዝተፈልየ ቴክኖሎጂ ተጠቂሞም። ምስ እዚ ናይ RNA (mRNA) ዝተሓሓዝ ዝኾነ ናይ ድሕነት ስክፍታታት ዝተራእየ የለን፡ ወይ እውን ህጹጽ ዝኾነ ተርእዮ ኣይተራእየን። MRNA ክታበታትፈትሊታት ናይ መበቆላዊ ጥረ-ነገር ይጥቀሙ ተጠቒሞም ጀነቲክ ኮድ ናብ ዋህዮታት ብምብጻሕ ናይቲ ፕሮቲን ደጋዊ ክፍሊ/ሰፓይክ ምሰቲ SARS-CoV-2 ቫይረስ ክጣበቕ ይገብሩ። ብናይ mRNA ትእዛዛት ዝተሰርሑ ፕሮቲናት ነቲ ስርዓተ ምክልኻል ነቲ ግራጭ ፕሮቲናት ከም ወራሪ ንምርኣይን፣ ንዑኡ ንምቅላስ ድማ ጸረ ኣካል ንምምዕባል እናመሃሩ የበራብርዎ።

**<u>ቀጻሊ ዝኾነ ናይ ድሕነት ቁጽጽር</u>**

እቲ CDC ካልኦት ፈደራዊ መሻርኽትታትን ብዙሕ ፈዉሲ ኽታበት ትዕዝብቲ ስርዓታት ተጠቂሞም፣ ነዚ ሓድሽ ፈዉሲ ክታበት ንዝኾነ ኣስጋኢ ጎናዊ ሳዕቤን ትዕዝብቲ የካይዱ። እዚ ቀጻሊ ትዕዝብቲ ኣብ ክሊንካል ፈተነታት ዘይተረኣዩ ጎናዊ ሳዕቤን ክገልጽ ይኽእል።

ዝኾነ ሰብ ድሕሪ ክታበት ዘይንቡር ኩነት እንተኣርእዩ፣ እቶም ኣቕረብቲ ክታበቶም ናብቲ [ቫክሲን ኣድቨርስ ኤቨንት ሪፖርቲንግ ሲስተም ](#) (VAERS) ጸብጻብ ክሰዱ እዮም። VAERS ካብ ክኢላታት ጥዕናን፣ ኣዳለውቲ ክታበታትን፣ ከምኡ'ውን ካብ ህዝቢ ብዛዕባ እቲ ዘይንቡር ተርእዮታት ጸብጻባት ዝእክብ ሃገራዊ ሜላ እዩ። ኩሉ ግዜ ትጽቢት ዘይግበረሎም ጎናዊ ሳዕቤናት ብዘይትጽበዮ ይረኡ፣ ወይ ከኣ እቶም ዘይንቡራት ተርእዮታት ኩሉ ግዜ ቖጻልን ፍሉይን መጽናዕቲ ይግበረሎም።

እቲ ክታበት እንተደኣ ሓደገኛ ዝኾነ ተኽእሎታት እንተርእዩ፡ እቶም ሓገግቲ መን ክኽተብ ኣለዎን የብሉን ኣብ ዝብሉ መምሪሒ ሓበሬታ ይህቡ።

*14 ኤፕሪል 2021 ዝተፈጠረ*

ንተወሳኺ ሓበሬታ፣ ነዚ ይጎብንዩ፡ [coronavirus.ohio.gov](https://coronavirus.ohio.gov).

ኮቪድ-19 ንዝምልከቱ ሕቶታትኩም መልሲ ንምርካብ፣ በዚ ስልኪ ደውሉ፡ call 1-833-4-ASK-ODH (1-833-427-5634)።

**ኣእምሮኣዊ ጥዕናኩም ልክዕ ከም ኣካላዊ ጥዕናኩም ኣገዳሲ እዩ። ንስኹም ወይ ከኣ ፈተውቲ ምስ ለበዳ ኮሮና ቫይረስ ዝተተሓሓዘ ጭንቀት እንተኣጋጢምኩም፣ ን 24 መዓልታት ኣብ ሰሙን ንሸውዓተ መዓልታት ሓገዝ ይርከብ። ናብ ኮቪድ-19 ናይ ሓገዝ መስመር 1-800-720-9616 ደዉሉ።**

**ንተወሳኺ ሓበሬታ፣ ነዚ ይጎብንዩ፡**